# መግለጺ ባሕቲ መስከረም

ከምቲ ልሙድ፡ ሎሚ ባሕቲ መስከረም 2002፡ መበል 41 ዓመት ምጅማር ሓርነታዊ ብረታዊ ቃልስና ንጽንብል ኣሎና። ቅድሚ 41 ዓመታት ከም'ዛ ሎሚ፡ ሓደ ዘይክኣልን ተስፋ ዘይብሉን ዝመስል ዝነበረ ዕላማ ንምዕዋት ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ሓርበኛታት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘበሰረት ቀዳመይቲ ጥይት ኣንጻር ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ተተኩሳ። እታ ማሕታ'ቲኣ ከኣ፡ ብብዙሕ መሰናኽላት፡ ዝተሓላለኸ ብድሆታት፡ ዓበይቲ ግድላት ዝተመልአ ነዊሕ ጉዕዞ ገድሊ ናብ መላእ ኤርትራ ልሒማ፡ ደገፍ ህዝቢ ኤርትራ ረኺባ፡ ብኣማኢት ኣሽሓት ኤርትራውያን ተሳዒባ፡ ብዘይብገር ቃልስን መስዋእትን ከኣ ኣብ መወዳእታ ተዓዊታ -- ናጽነትና ጨቢጥና።

ባሕቲ መስከረም ከም ሃገራዊ በዓል ዕለተ-ዝኽርን ዕለተ-መብጽዓን እያ። ከም ዕለተ-ዝኽሪ፡ እቲ ምእንቲ መሰልን ሓርነትን ዝተኻየደ ነዊሕ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ እቲ ንበይኑ ኣንጻር ሓያላት ደው ክብል ዝደፈረ ኤርትራዊ ተጋዳላይ፡ እቲ ብመንፈስ መኸተ ዘይክኣል ዝከኣል ዝገበረ ጅግንነት፡ እቲ መሰረት ሃገራውነትና ዝኾነ ታሪኽ መስዋእትን ጽንዓትን ንቕሓትን ህዝቢ ኤርትራ . . . እንዝክረላን እንጽንብለላን  ዕለት እያ። ከም ዕለተ-መብጽዓ ከኣ፡ ከይንርስዕ፡ ሕድሪ ከይንጠልም፡ ከይንምርት፡ ካብ መገዲ ቀደምና፡ መገዲ ሓድነትን ጽንዓትን ዓወትን ከየላገስና ታሪኽ ኘኽንሰርሕ፡ ተወፋይነትና ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ከይነጉድል . . . መብጽዓና እነሐድሰላ ዕለት'ያ። ስለ'ዚ ባሕቲ መስከረም ኣብ መንጎ እቲ ብዓወት ዝተዛዘመ መድረኽ ሓርነታዊ ቃልስናን መድረኽ ናጽነትን ከም መተኣሳሰሪት ቀለቤት ክትምሰል ትኽእል እያ።

ህዝቢ ኤርትራ ብናይ ጅግንነትን ጽንዓትን፡ ንሓቅን ፍትሕን ምስያፍን ታሪኹ ዝልለን ዝሕበንን ህዝቢ እዩ። ምእንቲ መሰሉን ክብሩን ልዕሊ ሰብ ክጽመሞ ዝኽእል ስልዝተጸመመ፡ ልዕሊ ዓቕሙ ክቡር ዋጋ ስለዝኸፈለ ከኣ እዩ መግዛእቲ ሰጕጉ ናጽነቱ ክጭብጥ ዝኽኣለ። ሕጂ'ውን ድልድልትን ብልጽግትን ሃገር፡ ህዝባ ብራህዋ ቀሲኑ ዝነብረላን ዝሕበነላን ኤርትራ ንምህናጽ ጀሚርናዮ ዘሎና ጉዕዞ ህንጸት ከምቲ ዝሓለፈ ጉዕዞ-ገድሊ ብንቕሓትን ጽንዓትን ጥራሕ ከም እንዕውቶ ምግንዛብ ይግባእ። ምኽንያቱ ከምቲ ታሪኽና በዘየወላውል ዘረጋግጾ፡ ብቐዳምነት ኣብ ርእስና ተኣማሚናን ተመርኲስናን ብእነካይዶ ጻዕርን ስራሕን ጥራሕ ኢና ሃገርና ክንሃንጽ እንኽእል። እቲ መሰረታውን ዘይበልን መልእኽቲ ባሕቲ መስከረም ከኣ እዚ'ዩ።

ኣብ'ዚ ንወራራት ወያነ መኪትና ኣላሽ ኣቢልና፡ መጕትና ረቲዕና፡ ናብ ወፈራ ልምዓት ዋርሳይ-ይከኣሎ እንሰጋገረሉ ዘሎና መድረኽ እነብዕላ ዘሎና ባሕቲ መስከረም እምበኣር፡ ከም ወትሩ ንዝሓለፈ ታሪኽ ሰውራና ክንዝክረላን ኣብኡ ኣበሪኽና ረጊጽና ንመጻኢ ከነማዕድወላን ግቡእ'ዩ። ካብቲ ሃብታም ታሪኽና ንዘሎና ሓድሽ ብድሆታትን ግድላትን ንምግጣምን ንምፍታሕን ዘኽእለና ተመክሮን ፍናንን ከም እንረክብ ዝተረጋገጸ'ዩ። ሓንትስ ንታሪኽናን ንስዉኣትናን እሙናት ኘኹን እምበር ንህዝቢ ኤርትራ ተኣምራት ምስራሕ ሓድሽ ኣይኮነን።

ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!

ባሕቲ መስከረም 2002
ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን